
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.258 ሰንበት 28 ሰነ 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

ኢቶም ኣርባዕተ ጠባያት

ገጽ 4

"ፕላኔትና፡ ጸጋትና"

ገጽ 5

ካብ ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ

ገጽ 8
ቅድድም ብሽክለታ፡ ሻምፕዮን ኤርትራ 2026


# ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ኢጣልያ፡ ብውዕዉዕ ወኒ ተኸፊቱ



ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ኢጣልያ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ ቀዳም 27 ሰነ ኣብ ከተማ ሚላኖ ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ፍሰሓጽዮን ጴጥሮስ ተኸፊቱ።

ኣብ'ቲ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፡ "ኒርካዶ?" ዝርእስቱ ብኮሚቴ ሚድያ ኢጣልያ ዝተዳለወ፡ ኤርትራውያን ድያስፖራ ጸረ እገዳታት ዝቐየድዎ ሰላማዊ ሰልፈታት ዘንጸባርቕ ናይ ስእሊ ምርኢት ተኣንጊዱ።

ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል፡ ካብ ኤርትራ ዝኸዱ ህቡባት ድምጻውያንን ሙዚቀኛታትን ብዘቕርብዎ ባህላዊ መደባት ደሚቑ ክቕጽል'ዩ።

## ባጽዕ - ንስድራ ስዉኣት ገንዘባዊ ሓገዝ ተበርኪቱ

ኣብ ከተማ ባጽዕ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ኮርፖሬሽን ዓሳን ማሪታይምን፡ ንሽውዓተ ስድራ ስውኣት ዝመቓረሒ 54 ሽሕ ናቕፋ ደገፍ ኣበርኪቶም።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮርፖሬሽን ዓሳ ኣቶ ፍጹም ዘካርያስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሰራሕተኛታት ተወፊዮም ዘካይድዎ ንጥፈታት ሕልናዊ ዕግበት ዝሀብ ብምዃኑ፡ ኣብ መጻኢ ብዝሓየለን ዝተወደበን መልክዕ ክምዘደፋሕሉ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ እስማዒል ዑስማን ድማ፡ ንስድራ ስውኣት ዝግበር ደገፍ እናዓዘዩ ይመጽእ ከምዘሎ፣ እዚ ድማ መርኣያ ናይ'ቲ ንሰማእታትናን ስድራቤቶምን ዘሎ ኣኽብሮትን ሓልዮትን ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

# ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ 143 ተመሃሮ ብሰርትፊኬት ኣመሪቓ


ስእሊ - እብራሂም ናፍዕ

ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ ንክልተ ዓመት ብጉብርን ክልሰ-ሓሳብን ዘምሃረቶም 55 ደቂኣንስትዮ ዝርከባኦም 143 ተመሃሮ፡ ትማሊ 27 ሰነ ብሰርቲፊኬት ኣመሪቓ።

ዳይረክተር'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ተስፋዝጊ ኣብርሃ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመረቕቲ - 24 ብኣውቶመካኒክ፡ 23 ብስነ-ህንጻ፡ 25 ብኤለክትሪሲቲ፡ 23 ብኤለክትሮኒክስ፡ 24 ብድራውሊኮ፡ 24 ድማ ብጽርበት ዕንጸይቲ ትምህርቶም ከምዝዞዘሙ ገሊጹ።

ህላወ ስልጡን ዓያዩ ጉልበት ሰብ፡ ኣብ ዕበየት ቁጠባ ሓንቲ ሃገር ወሳኒ ግደ ከምዘለዎ ዝጠቐሰ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ምክትታልን ምርግጋጽን ብቕዓት ትምህርቲ ኣቶ መዓሾ ገብረትንሳኤ ብወገኑ፡ ተመረቕቲ ቀሲሞሞ ዘለዉ ትምህርቲ መጀመሪ ምዃኑ ተገንዚቦም፡ ሞያዊ ዓቕሞም ብቐጻሊ ጻዕሪ እናማዕበሉ፡ ኣብ መደባት ልምዓት ብተወፋይነት እጃሞም ክበርክቱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብሉጽ ነጥቢ ዘምጽኡ ተመረቕቲ ካብ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤልን ካልኦት ሓለፍትን ሽልማት ተቐቢሎም።

ኣብ 1997 ንጥፈታታ ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ ኣብ 25 ዙርያታት ብድምር 5,321 ተመሃሮ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ሞያ ከምዝመረቐት፡ ሰነዳታ የመልክት።

ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝእለያ፡ 5 ናይ ቴክኒክ፡ ሓንቲ ናይ ሕርሻ፡ ሓንቲ ድማ ናይ ሙዚቃ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ሎሚ ዓመት ብድምር 295 ደቂኣንስትዮ ዝርከቡኦም 730 ተመሃሮ ከመረቓ ምዃነን፡ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# በሪኽ - ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ተሰላሲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ኣባላት ህግደፍ ሲቪል ሰራሕተኛታት፡ ብ26 ሰነ ወፈራታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣሰላሲሎም።

እቲ መደብ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻን በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ብዘውጽእዎ መምርሒ መሰረት፡ ካብ ወርሒ ጥሪ 2026 ጀሚሩ ኣብ 12 ምምሕዳራት ከባቢን 21 ዓድታትን ዝካየድ ዘሎ ከምዝኾነ ዝሓበረት ጸሓፊት ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ራህዋ ቀለታ፡ ኣብ 5 ሄክታር ንዝትከል 4 ሽሕ ፈልሰታት ዘገልግል ቦታታት ምድላው'ውን ከምዝጠቓለል ገሊጻ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ማጆር መንግስትኣብ ብወገኑ፡ ህዝቢ ብጋንታታት ተወዲቡ ኣብ ሰሙን ክሳብ 5 መዓልታት እናወፈረ፡ 1,120 ሄክታር ሕርሻዊ ዛላን 80 ሄክታር ቅናታዊ ዛላን ከምዝዓመመ ገሊጹ።

ሎሚ ዓመት ክራማት ልዕሊ 350 ሽሕ ፈልሰታት ኣግራብ ክትከል መደብ ከምዘሎ ጠቒሱ ድማ፡ ነዚ መደብ ንምዕዋት ኩሉ ዓይነታት ናውቲ ማእቶት ተዳልዩ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣቶ ማጆር ኣስዒቡ፡ እቲ ንኡስ ዞባ ዓመት መጸ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ናይ ዝወሃብ ሽልማት ዕውትቲ ክትከውን ምብቃዓ፡ ውጽኢት ልዑል ተሳትፎ ህዝቢ ከምዝኾነ ኣፍሊጡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ብሞያውያን ዝወሃቦም መደባት ስራሕ ንረብሕኦም ምዃኑ ተገንዚቦም ብወኒ ከምዝሰርሑ ብምሕባር፡ መደባት ምግራብ ንምዕዋት ኩሉ ዓቕሚታቶም ኣወሃሂዶም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ዜና

# ኣስመራ - ንተመሃሮ፡ ብዛዕባ ምሕደራ ግዜ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ


ሳላሒ ዙቤር ስዒድ



ምሕደራ ግዜን ዘይተደልየ ጽልዋ መዘናን ኣተኲሮ ተዋሂቡ ክስራሓሉ ከምዝኾነ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጋሻ-ነፍሒ ንተመሃሮ 11 ክፍሊ ኣብ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ ተሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ብ23 ሰነ ብኣዕሩኽ ሸማግለ መንእሰያትን ካልኦት ዕዱማትን፡ ሎሚ ዓመት ምስ ኣባላት መበል 39 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ዝወርዱ ልዕሊ 400 ተመሃሮ ከምኡ'ውን ወለዲ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ርእሰ-መምህር ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ማይ-ነፍሒ መምህር ብሌን ስምኦን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ራኢ ብውጥንን ጻዕርን ከምዝሰምር ኣዘኻኺሩ።

እቲ ኣብ ዝተፈላለየ ዛዕባታት ዝተኩረ ኣነቓቓሒ ትምህርቲ ዝተዋህቦሉ ኣጋጣሚ፡ ተመሃሮ ምስ ርቀት ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ተኣሳሲሩ ንዘርእ ባህላዊ መርዚ ብንቕሓት ብምግጣም፡ ኣብ ትምህርቶም ተወዳደርትን ብሉጻትን ክኾኑ ምዒዶም።

# ዓሰብ - ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኣብ ማሕበር ንምጥርናፍ ዝዓለመ ርክብ ተኻዪዱ

ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት ኣብ ማሕበር ተጠርኒፎም ተረባሒቲ ዝለዉ ዕድላት ዝኾኑሉ ባይታ ንምጥጣሕ ዝዓለመ ርኽብ፡ ትማሊ 25 ሰነ ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣካዪዱ።

እቲ ኣለይቲ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን፡ ኣመሓደርቲ ከባብን መራሕቲ ጉጅለታትን፡ ከምኡ'ውን መሻርኽቲ ዝተሳተፍዎ ርኽብ፡ መረዳእታ ሕብረተሰብን ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝህባ ኣካላት መንግስትን ብምዕባይ ኣድልዎ ንምውጋድ ምዃኑ፡ ሓላፊት'ቲ ጨንፈር መምህር ሒያት ዑብደላ ገሊጻ።

እቲ ጨንፈር ኣብ 2015



ከምእተመስረተን ቁጽሪ ኣባላቱ 145 በጺሑ ከምዘሎን፡ ድሮ'ውን 28 ካብኣቶም ተጠቀምቲ ዕድላት ትምህርቲ ኲይኖም ከምዝለዉ ብምጥቃስ፡ ዛጊት ኣብ ማሕበር ዘይተጠርነፉ ክጥርነፉ ጸዊዓ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ዘበርኽ ኀስጓሳዊ ንጥፈታት ክድፋኣሉ፣ ቁጠባዊ መኽብሮኦም ንምምሕያሽ ብዕቱብ ክስራሕ፣ ከምኡ'ውን ንዓቕሚ ስንኩላን ደቆም ኣብ ግምት ዘእተወ ስልጠናታት ክወሃብ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓሰብ ኣቶ ብርሃን ኪዳን፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝቔመ ማሕበር ንምሕያል ኣበርክቶ ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን ክዓቢ፣ ኣብ ልዕሊ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዘሎ ድሑር ኣመለኻኽታ ክእረም፣ ከምኡ'ውን ስድራቤታትን ኣለይትን ናይቶም ስንኩላን፡ ረብሓታት ምጥርናፍ ኣብ ማሕበር ተገንዚቦም ብግቡእ ክዋስኡ ኣተሓሳሲቡ።

# ዓዲቐይሕ - መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ንምስፋሕ ይስራሕ ኣሎ

ብመደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ዝሕረስ መሬት ውጽኢቱ ኣተባባዒ ስለዝኾነ፡ ሓረስቶት ብግቡእ ክጥቀሙሉ፡ ክኢላታት ኣተሓሳሲቦም።

ክኢላ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ተስፉ ጠዓመ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኣውህኹ፡ ደርዓ፡ መንደፈራ፡ ሓይኮ፡

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284



ተኾንዳዕን ማእለውያን 120 ሄክታር ብመደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ክዝራእ ከምእተዳለወ ገሊጹ።

እዚ ስጉምቲ ዝተወስደ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ 64 ሄክታር ተፈቲኑ ውጽኢቱ ኣዕጋቢ ስለዝነበረ ከምዝኾነ ድማ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ነቑጣ ምምሕዳራት ከባቢ ማእለውያን ተኾንዳዕን ኣቶ ተዓገሰ ተኽለ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ዝከታተሎ ነቑጣ 25 ሄክታር ንምልማዕ መደብ ከምዝወጸን ከምእተተግበረን ሓቢሩ።

ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ኣብርሃም በየነ ብግደኡ፡ ሓረስቶት ረብሓ ብመስመር ምዝራእ ብፈተነ ተገንዚቦሞ ስለዘለው፡ ብርኩት እቶት ክሓፍሱ ትጽቢት ከምዝግበር ገሊጹ።

ብመደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ ከምዝዝራእ ዝጠቐሱ'ቶም ክኢላታት፡ ኣብ 1ይ እብረ ስርናይ፡ ዕፉንን መሸላን፣ ኣብ ካልኣይ እብረ ጥረታት፣ ኣብ ሳልሳይ እብረ ድማ ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ ከምዝለምዕን ጽቡቕ እቶት ከምዝህብን ይገልጹ።

# ዒላበርዕድ - መደባት ምግራብ ንምዕዋት እኹል ፈልስታት ተዳልዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ተደኩና እትርኹብ መደበር ፈልሲ ሩባ ዓንሰባ ኣብ ወቕቲ ክራማት ንዝካየድ መደባት ምግራብ ኣስታት 193 ሽሕ ፈልስታት ከምዘዳለወት፡ ወኪል በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ሃብተስላሴ ገብረትንሳኤ ገሊጹ።

እታ መደበር ፈልሲ ጸቒጣ እትሰርሓሎም፡ ቊጽሮም እናወሓደ ዝመጽእ ዘሎ መበቌላውያን ኣግራብ ከምዝኾኑ ብምሕባር፡ ኣስታት 150 ሽሕ ካብ'ቲ ተዳልዩ ዘሎ ፈልስታት፡ ናይ መበቌላውያን ኣግራብ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

እታ መደበር እተዳልዎ ፈልስታት፡ ኣብ ዞባታት ዓንሰባን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ዘሎ ጠለባት ንምምላእ ከምዝውዕል ጠቒሱ ድማ፡ እቲ ናይ ምትካል መደባት ኣብ'ቶም ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዝተኻየደሎም ማይ-ኩሬታትን ሰንጭሮታትን ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ትካላት ጥዕና፡ ኣብያተ-ጽሕፈት መንግስትን ናይ እምነት ቦታታትን ከምዝካየድ ኣነጺሩ።

ኣቶ ሃይለስላሴ ኣብ መወዳእታ፡ ሓለዋን ቊጽጽርን ሃብቲ ገረብ ንሚኒስትሪ ሕርሻ፡ በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፡ ከምኡ'ውን ንምምሕዳር ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋን ትካልን ዕቱብ ኣቓልቦን ኣተሓሕዛን ክገብር ተላቢዩ።

# መዘናጊ

ማርታ'ክብሮም

## እቶም ኣርባዕተ ጠባያት


ሓደ ካብቶም ህቡባት ፈላስፋታት ዓለምና ዝኾነ ሂፖክራተስ ንኹሉ ባህርያት ደቂ ሰብ ሳንጊን፡ ኮለሪክ፡ ሜላንኮሊክ ከምኡ'ውን ፍለግማቲክ ብምባል ኣብ ኣርባዕተ ክፋላት እዩ መቓቒልዎ። ኩሉ ባህርያት ደቂ ሰብ ካብዞም ኣርባዕተ ጠባያት ከም ዘይሓልፍ'ውን ይገልጽ። እዞም ኣርባዕተ ጠባያት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኩሉ ጠባያት ዝጥቀሙሉም ሕብርታት'ውን ኣለው። መለለዩ ሳንጊን ብጫ፡ ኮለሪክ - ቀይሕ፡ ፍለግማቲክ - ቀጠልያ፡ ሜላንኮሊክ ከኣ ብጫ እዮም። ኩሎም ጠባያት ኣብ ፍሉይ ክእለትን ኣለዎ። ስለዚ እቲ ሓደ ካብቲ ካልእ ዝበልጽ ጠባይ ኣለዎም ማለት ከም ዘይኮነ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ነዞም ባህርያት ኣጸቢቕና እንታይ ኢና ከምኡ'ውን ምስ ኣየናይ ባህርያት ንሰማማዕ ክንርድኦ ንኽእል።

ሂፖክራተስ ጠባያት ክቕየሩ ከም ዘይክእሉ እዩ ዝገልጽ። እንተ ኾነ ኣብ ክንዲ ኣብ ድኹም ጎድንታትካ ኣብ ሓይልኻ ክትትኩር ከም ዘለካ እዩ ዘተባብዕ።

ሀ. ሳንጊን (ብጫ)፦ ሕወስ ባህርያት ዘለዎም፡ ኣብ ሎሚ ዝነብሩ፡ ተዛረብቲ፡ ሕጉሳት፡ ቀልጠፍም ይቕረታ ዝሓቱ፡ ተዋሳእቲ፡ ዓው-ዓው ዝበሉን ፈቃር ባህርያት ዘለዎምን ሰባት ሳንጊን ተባሂሎም ይጽውዑ። ብዘይካ'ዚ እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም፡ ብቐሊሉ መሓዛት ክገብሩ ዘይሽገሩ፡ ኣብ ዝኾነ ኣርእስቲ ሓበሬታ ዘለዎምን እዮም።

ድኹም ጎድንታቶም፦ ረሳዕቲ፡ ዘይሓላፍነታውያን፡ ብሰባት ዝድፍኡ፡ ኣብ ነገራት ዝግደሱ፡ ልዕሊ ዓቐን ምኽሪ ዝፈትዉ፡ ለውጢን ሓደሽ ሓሳባትን ዝቕበሉ እዮም።

ለ. ኮለሪክ (ቀይሕ)፦ ዘረብኦም ሓይልን ስልጣንን ዘለዎ፡ ርእሰ ምትእምማን ዘለዎም፡ ልዑል ዲሲፕሊን ዘለዎም፡ ተወዳደርቲ፡ ኣብ ስራሕ ንጡፋት እኳ እንተ ኾኑ ካብ ሓሊፎም ወይ መኣርሒቶም መንፍዓቶም ክፍለጠሎም ወይ ምስጋና ዝደልዩ እዮም። መብዝሕትኦም ናብ መራሕነት ዝምጽኡ ሰባት፡ ባህርያቶም ኮለሪክ ምዃኖም እዩ ዝገልጽ። ምኽንያቱ ኩሉ ባህርያቶም ኣካይዳኦምን ሓደ መራሒ ክገብሮ ዝኽእል ኣካይዳ እዮም ዘንጸባርቑ።



ድኹም ጎድንታቶም፦ ተኻታዕቲ፡ ዓበልቲ፡ ዓቕሊ ዘይብሎም፡ ቀልጠፍም ዝሓርቁ፡ ልዕሊ ዓቐን ነቐፍቲ፡ ፍርዲ ዝህቡ፡ ሰዐንጠራዊ ኣዘራርባ ዝጥቀሙን ቀንጠዓትን እዮም።

ሐ. ሜላንኮሊክ (ሰማያዊ)፦ እሙናት፡ ምሕሳው ዘይፈትዉ፡ ደንገጽቲ፡ ንፉዓት ሰማዕቲ፡ ዕዙባት፡ ኣብ ኩሉ ኣካይዳኦም ጥንቁቓት፡ ስምዒታውያን፡ ኩሉ ስርሓቶም ባዕሎም ክገብሩ ዝፈትዉ፡ ሕዉሳት ዘይኮኑን ንሰባት ምሕጋዝ ዝፈትዉን እዮም።

ድኹም ጎድንታቶም፦ ቀናኣት፡ ኣሉታውያን፡ ተቓወምቲ፡ ፍርዲ ናብ ምሃብ ዝጓየዩ፡ ፍጹማት፡ ነቐፍቲ፡ ግሉላት፡ ንጸቕጢ ኣጋዳ እዮም ዘንጸባርቑ።

ኣእምሮን ጭንቀትን ዝተቓልዑን ብዝዕባ ኑብሶም ብዙሖም ክዛረቡ ዘይክእሉን እዮም።

መ. ፍለግማቲክ (ቀጠልያ)፦ ሊጉሳት፡ ሕጉሳት፡ ምስ ሰባት ጸቢቕ ዝምድና ዘለዎም፡ ምስ ሰባት ብሰላም ናይ ምንባር ድሌት ዘለዎም፡ ንሰባት ልዑል ክብሪ ዘለዎም፡ ሰላማውያን፡ ንፉዓት ሓሰብቲ፡ ህዱኣት፡ ዕጉሳት፡ ተጻወርትን ሃብታም ወሽጣዊ መንነት ዘለዎምን ባህርያት ኣብ ምድብ ሳንጊን እዮም ዝምደቡ።

ድኹም ጎድንታቶም፦ መዕገርገርትን ረበሽትን ዝኾነ ነገር ክሰርሑ ተበግሶ ዘይብሎም፡ ስምዒታቶም ብዝግባእ ክገልጹ ዘይክእሉ፡ ውልቃዊ ዶብ ዘይብሎም፡ ንኻልኦት ሰባት ክነብሩ ህይወቶም ዝረስዑ ካብቲ ድኹም ጎድንታት ፍለግማቲክ እዩ።

## ቀቢላ ባካ

ቀቢላ ባካ ኣብ ሃገረ ኮንጎ፡ ደቡባዊ ምብራቕ ካሜሩን፡ ሰሜናዊ ጋቦን ከምኡ'ውን ከባቢ ደቡባዊ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝነብሩ ህዝቢ እዮም።

ባካ ኣካል ቀቢላ ትዋ ምዃኖም ይዝረበሎም እዩ። እንተ ኾነ ምስዞም ኣህዛብ ዝኾነ ዝምድና የብሎምን። እቲ ጸገም፡ ሰባት ንስም ቀቢላ ባካ ብጌጋ ብካ ኢሎም የንብብዎ እሞ ምስ ትዋ ዝብል ስም ከኣ ስለ ዘመሳስልዎ እዩ።

ህዝቢ ባካ ብሃድን ዝናበሩ ኮይኖም ሓውሲ ሰበኽ ሳዕሪ ናብራ ዘለዎም እዮም። እዞም ቀቢላ ካብ ፒግሚስ ከም ዝተዋቐሉ'ውን ይዝረበሎም እዩ፡ ገምጋም ቁመቶም ካብ 1.52 ዝሓልፍ ኣይኮነን። ባካ ኣብ ኮንጎ 'ብያካ' ተባሂሎም እዮም ዝፍለጡ።

ዝበዝሑ ቀቢላ ባካ ኣብ ካሜሩን እዮም ዝነብሩ። ኣብዚ ቦታ ከባቢ 30 ሽሕ ህዝቢ ይነብሩ። ባካ ክሳብ ሕጂ ወላ'ኳ ነቲ ካብ ኣቦታቶም ዝወረስዎ ባህላዊ ኣነባብራ ክቕጽልዎ እንተ ደለዩ ብሰንኪ እቲ ካብኦም ብዘለውሓሉ ጎረቤቶም ህዝቢ ጥንቱ ዝወርዶም ግፍዒ ዝመልኦ ዕብለላ ግና ከምቲ ዝደለ ባህላዊ ኣነባብራ ክነብሩ ኣይክእሉን።

ነቲ ክሳብ ሕጂ ዝጥቀሙሉ ዘለዉ ባካ ዝበሃል ቋንቋኦም ግና ኣብ ምሕላዉ ተዓዊቶም እዮም። እዚ ቋንቋ ሕወሰዋስ ናይ ኮዚሞ፡ ባካምን ባንጋንዱን ዝበሃሉ ቋንቋታት እዩ። እንተ ኾነ እዞም ህዝቢ እዚ ቋንቋ ይዛረብሉ እምበር ንምጽሓፍ ኣይጥቀሙሉን እዮም።

መነባብሮ ባካ ኣብ ሃድንን መጻሰን ዝተመርኮሰ ብምዃኑ ቀዋሚ መንበሪ የብሎምን። ከም ወጽኢቱ ጨናፍርን ኣቑጽልትን ኣግራብ ተጠቒሞም መጽለሊኦም ይሰርሑ። ደቂ ተባዕትዮ ባካ ንሃድን ኣብ ዝወፍሩሉ ብዘይ ከልቢ ኣይወፍሩን እዮም።

ኣብ ባህሊ ባካ ምግፋፍ ዓሳ ኣዝዩ ኣገዳሲ ንጥፈት እዩ። ስለዚ ወለዲ ንደቆም ገና ጸቢቕ ገደሮም ከይገበሩ ከለዉ እዮም ኣጥቢቖም ምግፋፍ ዓሳ ዝምህርዎም። ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ግና እተን ኣዴታት'ውን ማዕረ እቶም ደቂ ተባዕትዮ እየን ዝሳተፋ። ንሳተን ክብዱ ክኹዳ ከለዋ ኣቦታት ቆልዑ ሐዚዞም ኣብ ገዛ ይጸንሑ። ብዘይካ'ዚ ደቂ ተባዕትዮ ባካ ኣብ ግዜ ሓጋይ ኣዚዮም እዮም ንጡፋት። ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት ኣብ ሃድን ይውዕሉ። እተን ደቂ ኣንስትዮ ደማ 'ማስ' ን 'ፒከ' ን ዝተባህሉ ክልተ ዓይነት ፍሩታ ይምእርራ። እዚ ፍሩታ ደማ ብመልክዕ ጽማቕ የዳልውኦ።

ኣተዓዳ ናይዚ ቀቢላ ሕብረተሰባዊ ኮይኑ ዝኾነ ዕብዩ ዝበለ ውሳነ ኣብ ዝውሰኑሉ ደማ ብድምጺ ምርጫ እዩ ዝፍጸም። ዝኾነ መራሒ ወይ ልዑል ዝበለ የብሎምን።

ባካ ጀንጊ (መንፈስ ጫካ) ዝተባህለ መንፈስ የምልኹ። እዚ መንፈስ ንህዝቢ ባካ ምስ ኮማ ዝተባህለ ኣምላኾም ከም መንጎኛ ኮይኑ ከም ዘገልግሎም ይኣምኑ። ብዘይካ'ዚ ጀንጊ ኣብ ኩሉ እቲ ቦታ ህላዌኡ ከም ዘሎን ንዝኾነ ኣብታ ቀቢላ ዘሎ ሱብ ከም ዝቆጻጸን እምነት ኣለዎም። ኣብ ሃድን ምስ ዝወፍሩ ደማ ንኣምላኾም ምስጋና ንምሃብ ብሳዕሲዒትን ካልእ ንጥፈታትን ዝካየድዎ ሉማ ዝበሃል ጽንበል ኣለዎም።

ህዝቢ ባካ ካብ ኣቑጽልቲ ዝተሰርሐ ባህላዊ መድሃኒት የዳልው እዮም። ሓደ ካብ ኣባል ቀቢላኦም ምስ ዝሓምም ወይ ናይ ውላድ ጸገም ምስ ዝህልዎ ዝተፈላለዩ ኣቑጽልቲ ጀፊዖም የስትዩዎ። ነዞም ንሕማማት ንምፍዋስ ዝጥቀሙሎም ኣቑጽልቲ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ህጻናት እዮም ዝጥቀሙሎም፣ ምኽንያቱ መብዝሕትኦም ትሕቲ ሓሙሽተ ዝዕድመኦም ህጻናት ባካ ብጽሎ ዝተጠቕዑ እዮም። እንተኾነ ብቐዓት ናይዞም መድሃኒታት ወላ'ኳ ክሳብ ሕጂ ብሕክምናዊ መዳይ ኣይረጋገጸ፡ ነዞም ባህላዊ መድሃኒታት ምስ ሰተየ መሊሱ ዝሓምም ሱብ ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

ህዝቢ ባካ ዝበዝሐ መሳርሒኦም ባህላዊ እዩ። እዚ ደማ ነቲ ዝነብሩሉ ኣከባቢ ከይጎድእዎ ካብ ዝብል ሓሳብ ዝበገሰ እዩ። እንተ ኾነ ንሃድንን ሃይማኖታዊ ጽንበላትን ኣብ መዓልቲ ክሳብ 100 ዝበጽሑ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ይጥቀሙ። ዝበዝሑ እዞም መሳርሒታት ግና ካብ ኣግራብ ዝተሰርሑ እዮም። ስለዚ ወላ'ኳ ንኣከባቢኦም ይከናኸንዎ ከም ዘለዉ እንተሓሰብ፡ ኣብቲ ዝነብሩሉ ኣከባቢ ነዞም መሳርሒታት ንምስራሕ ቁጽሪ ዘይብሉ ኣግራብ እዮም ዝበርሱ።



## ካብ ኣገረምቲ ባህላውያን ወግዕታት

1. ኣብ ጥንታዊት ግሪኽ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ሓረስቶት መሬቶም ኣብ ኣየር ኳንካ ናይ ምሕራስ ልማድ ነበሮም። እዚ ማለት ኣብ ልዕሊ ግራውቶም ደው ብምባል ኣእዳዎም ኣብ ኣየር ብምዝርጋሕ፡ ይሓርሱ ከም ዘለዉ የንቀሳቕስዎ ነበሩ። ዕላማ ናይዚ ተግባር ንኣማልኽቶም ንምሕጓስ ኢሎም ይገብርዎ ከም ዝነበሩ እዮም ዝገልጹ።

2. ኣብ ገለ ቀቢላታት ኣብ ግዜ ኩናት ርእሲ ናይ ጸላእቶም ምምንዛዕ ከም ምልክት ትብዓት ይውሰድ ነበረ። እዚ ተግባር ብወገን ጸላእቶም ከም ወርደት ክውሰድ ከሎ፡ እቶም ርእሲ ቆሪጾም ናብ ዓዶም ዝተመልሱ ተዋጋእቲ ግና ሓደ ማሕበራዊ ክብሪ ይወሰኹ ነበሩ። ኣብ



ሕብረተሰቦም ደማ ንዊሕ ግዜ ዛንትኦም ከም ዝጽወ ይግበር ነበረ።

3. ኣብ ከበሳታት ኢንዶነዥያ ዝነብሩ ቀቢላ ዳኒ፡ ሓንቲ ሰበይቲ ሱብኣያ ምስ ዝሞታ፡ ገለ ካብ ክፋል ኣጻብዕታ ብምቑራጽ እያ ሓዘና ትገልጽ። እዚ ዘይልሙድ ተግባር፡ ሰበይቲ ብሞት ብጻል ቤታ ዓሚቚ ሓዘን ከም ዝተሰምዓ ንምምልካት ዝግበር ልማድ እዩ።

4. ኣብ ኢንዶነዥያ ዝነብሩ፡ ሱላወሲ ዝተባህሉ ቀቢላ'ውን፡ ዝሞቱ ቤተ ሰቦም ንገለ ሰሙናት ወይ ዓመታት ኣብ ገዛኦም ምስኦም ብምግባር ልክዕ ከም ህሉዋት ብምሕሳብ ይከናኸንዎም። ዝኸደንዎ ዝበሩ ክዳውንቲ ይኸድንዎም፡ ኣብ ጥውላ ኮፍ የብልዎምን የዕልልዎምን። እዚ ብኻልእ ሕብረተሰብ ከም ኣጺያፊ ተግባር ክርኣ ይኽእል ይኸውን፡ ንዕኦም ግና ነቶም ብህይወት ዘየለዉ ኣባል ቤተሰቦም ከም መዘከርታ ከም ዝጥቀሙሉ እዩም ዝገልጹ።

5. ኣብ ህንዲ ሓደ መርዓዊ ኣብ ግዜ መርዕኡ፡ ጫምኡ ኣውጺኡ ናብ ቤት መቕደስ ይኣቱ። ድሕሪዚ መቕርቡን ፈተውቱን ብቐጻበት ነቲ ጫማ ክሕዝዎ ኣለዎም፡ መሓዛትን ስድራን መርዓት ነቲ ጫማ እንተ ረኺበንኦ ግና መርዓዊ ጫምኡ ንኽምልሰሉ ክኸፍል እዩ ዝግደድ።

6. ኣብ ትሕቲ ኻቦታት ሜክሲኮ 'ኢፓቻ' ዝበሃሉ ቀቢላ ይነብሩ። እዞም ቀቢላ ነተን ዕድመ ብጽሕና ዝኣተዋ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ብቕዓተን፡ ሓይለንን ባህርያተንን ዝፍተናሉ 'ጼሓይ ብራቕ' ዝበሃል ጽንበል የካይዱ። ድሕሪዚ ደማ ከም እኹላት ደቂ ኣንስትዮ ይሕሰባ። እዚ ጽንበል ዓመታዊ ዝካየድ ኮይኑ ካብ 4 ሓሙለ ጀሚሩ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቕጽል እዩ። ሳዕሰዒትን መዚቓን ኣካል ናይዚ ጽንበል እዩ።

ደቂ ኣንስትዮ ካብዛ መዓልቲ ኣትሒዘን ኩሉ ነገረን ይቕየርን ከም ብቑዓትን ምሉኣትን ይወሰዱ። እዘን ደቂ ኣንስትዮ ናብዚ ደረጃ ክበጽሓ እንተ ኾይነን ግና ሓደ ክሓልፍኦ ዘለወን ቡዳዊ ፈተና ኣለወን፡ ንሱ ኸኣ ኣብ ዙርያ ዓበይቲ ኣዴታተንን እኖሓጎታተንን ብምዃን ን12 ሰዓታት ክደርፉን ክስዕስዓን ኣለወን። ኣዴታተንን ኣብ ዙርያአን ዘለዋ ዓበይቲ ኣንስትን እዚ ቡዳዊ ፈተና ንሓደ ዓመት ምሉእ የዳልውኦን። ኣብዚ ግዜ ልምምድ ደቂ ኣንስትዮ ውሑድ ድቃስን ንእሽተይ መግብን ጥራይ እየን ዝረኽባ። እዚ ፈተና ምስ ዝሓልፋ ጥራይ እየን ከኣ ከም ምሉኣት ኣካል ሕብረተሰበን ዝሕሰባ።



# ኣከባቢ



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)





# "ፕላኔትና፡ ጸዓትና"

ኣማን ሳልሕ
ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማ/ኣከባብን

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ክፋላት ካብቶም ኣቓዲምና ዝጠቐስናዮም ኣከባብያዊ ብደሆታት ከም ምብራስ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት፡ ለውጢ ክሊማ ፡ ምብካል ዝተፈላለዩ ጎሓፋት፡ ብኸላ ኣከባቢን ዘለዎም ሳዕቤናትን ብዝምልከት ቀሪቡ ነይሩ። ንሎሚ ድማ ናይ'ዚ መቐጸልታ ክቕርብ እዩ። ሰናይ ንባብ–

ሳልሳይ ክፋል

ከም መቐጸልታ እቶም ብደረጃ ዓለም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ኣከባብያዊ ብደሆታትን ኣብ መንጎኦም ዘሎ ሓድሕዳዊ ምትእስሳርን ኣብ ግምት ክኣቱ ከሎ፡ ኩሉ ንጥፈታት ወዲ-ሰብ ኣብ ሓደ ክፋል ወይ ተፈጥሮኣዊ ጸጋ ዝገብሮ ብርሰት ብቐጥታ ይኹን ብዘዘዋዋሪ ብእወታ ወይ ብኣሉታ ክጸሉ ይኽእል። እወታዊ ወይ ልምዓታዊ ጉዳያት ዝያዳ ዕቃብ የምጽእ። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ከባቢ ንጥፈታት ምግራብ እንተተኻይዱ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዘሎ ሓመድ ብምዕቃብ ምድኻይ መሬት ይንክይ፡ ከባቢ ክሊማ ይረጋጋእ፡ ትሕዝቶ ካርበን ይጉድል፡ መጽለሊ እንስሳታት ይወሰኽ፡ እቲ ከባቢ ጽሩም ይኸውን ...ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል። ብኣንጻሩ ክርእ ከሎ ድማ ገረብ ዘይምህላው ትሕዝቶ ሓመድና ተባሕጕጉ ይኸይድ፡ ቀላጥ መሬት ይኸውን፡ ኣብቲ ገረብ ተታሒዙ ዝነበረ ትሕዝቶ ካርቦን ናብ ኣትሞስፌር ይበንን ... ወዘተ። እዚ ድማ ማዕረ ክንደይ ምትእስሳር ከም ዘለዎን እቲ ዝወርድ ዕንወት ዝተሓላለኸ ምዃኑን የርእየና።

ብኸላ ሓደ ካብቶም ኣብ ዕንወት ኣከባቢ ዝለዓለ ተራ ዘለዎ ምዃኑ ርጉጽ እዩ። እንተኾነ እቲ ብቐጻሊ ዝረአ ዘሎ ወሳኺ ብኸላ ግን ተወሳኺ ሕልኽላኽ ዝፈጥር ዘሎ እዩ። ዝተፈላለየ ኣከባብያዊ መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጾ ልዕሊ 90% ካብ ህዝቢ ዓለም ንዝይ ወሓሉ ረቂቕቲ ንጥረ ነገራት ማለት ብኸላ ኣየር ዝተቓልዐ እዩ።

ረቂቕቲ ንጥረ ነገራት ዝበሃሉ ኣዝዮም ደቀቕቲ ብማይክሮስኮፕ ጥራይ ዝራኣዩ ኣየርወለድ ነገራት ኮይኖም፡ መጠኖም ካብ 2.5 ማይክሮ ሜተር ስንጣቒት ዝንእሱ ኮይኖም ብገምጋም ካብ ርጉዲ ጸጉሪ ወዲ ሰብ 30 ግዜ ዝንእሱ እዮም። በዚ ናይ ዓቐን ምንኣስ ኣብ ኣየር ንሰምንታት ዝጸንሑ እዮም። ረቂቕቲ ንጥረ ነገራት ኣብ ኑብስና ዘሎ መከላከሊ ሓሊፎም ኣብ ሰናቡእናን ሻንብቆታት ደምናን ክኣትዉ ይኽእሉ።

ብመምርሒ ዓለማዊ ወድብ ጥዕና ደረጃ ብቑዓት ብኸላ ኣየር ረቂቕቲ ንጥረ ነገራት ማለት 5 ማይክሮ ግራም ኣብ ሓደ ሜትሮ ኩብ(ug/m3) እዩ። በዚ ዝጋጥም ዘሎ ብኸላ ኣየር ዝያዳ ረቂቕቲ ንጥረ ነገራት እቲ ጻዕቂ ናብ ልዕሊ 25 ug/m3 ክብ ኢሉ ይርከብ።

ቀንዲ ምንጪ ናይ'ዞም ረቂቕቲ ንጥረ ነገራት ድማ ኣብ ግዳማውን ውሽጣውን ቤትና ዘሎ ንጥፈታት ብኸላ ኣየር ክኸውን ከሎ እዚ ድማ ሓደ ካብቶም ኣከባብያዊ ብደሆታት ኮይኑ ኣብ ጥዕናን መንብርን ወዲ ሰብ ዓቢ ሓደጋ ዘውርድ ዘሎ እዩ። እዚ ድማ ዓመታዊ ብስርዓት ምስ ትንፋስ፡ ሕማም ልቢ ከምኡውን ናይ ኒውሮሎጂ ሳዕቤናት ዝሞቱ ዝሓሙን ሰባት እንዳወሰኹ ይመጹ ኣለዉ።

ምስ ብኸላ ዝተሓሓዘ ኣብ ዓለማዊ ካብ ዘጋጥሙ ብኸላ እቲ ብከበድቲ ብረታት (heavy metals) ዝስዕብ ኣዝዩ ኣሻቓልን ካብ'ዚ ቅድሚ 50 ዓመታት ዝነበሮ ብዓይነታትን ብዝሕን ወሲኹ ይርከብ። ከም ባዙቃ (ሜርኩሪ) ዝኣመሰለ ሓንሳብ ናብ ኣከባቢ ምስ ተሓወሰ ኣብ ጥዕና ወዲ-ሰብን ኣብ ኣከባቢን ዓቢ ዕንወት የውርድ። ነዚ ዕንወት ኣብ ጃፓናዊት ዓዲ ሚናማት ዘጋጠመ ሞትን ስንክልና ሰባት ሓደ ኣብነት እዩ።

ብደረጃ ዓለም ድማ ነዚ ሓደገኛ ኩነታት ብምርዳእ ሃገራት ብሓባራዊ ርድኢትን ጻዕርን ንምብዳህ ድሮ ነዚ ዝኸውን ኣህጉራዊ ስምምዕ ከም ዝህሉ ብምግባር ብባዙቓ ንዝወርድ ዕንወት ኣብ ምግታእን ምውጋድን ይርከብ። እዚ ድማ ምስ'ቲ ኣብ 1950ታት ዝነበረ መፍረ ባዙቓ 9000 ሜትሪክ ቶን ድሕሪ ስምምዕ ሚናማታ መፍረ ሜርኩሪን ብሜርኩሪ ዝሰርሑ ከሚካላትን ናውትን እናጎደለ ይመጽእ ኣሎ። ንኣብነት በዚ ተረኺቡ ዘሎ ውጽኢት፡ ኣህገራዊ ስምምዕ ሚናማታ (ሜርኩሪ) ዕዉት ከም ምዃኑ ይግለጽ። እንተኾነ ኣቐዲሙ ዝተበተነ ወይ ናብ ኣከባቢ ዝተዘርገሐ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ዝነበረ ዝፈረየ ባዙቃ ካብቲ ኣከባቢ ወይ ኣትሞስፌር (atmosphere) ግን ካብ'ቲ ክህሉው ዝኽእል ደረጃ ልዕሊ 450% ኮይኑ ይርከብ።

ካልእ፡ ሓደ ካብቶም ብደሆታት ኣከባቢ



ዝተፈላለዩ ኣከባብያዊ መጽናዕታትን ከም ዘረጋግጽዎ፡ ብሰንኪ ምድኻይ መሬትን ንሱ ዘስዕቦ ሳዕቤናትን ብደረጃ ዓለም ኣስታት 3.2 ቢልዮን ህዝቢ ብኣሉታ ተጸልዩ ኣሎ። ንኣብነት ኣብ 2022 ዓመት ብደረጃ ዓለም ካብ 20-40% ምድኻይ መሬት ከም ዝነበረ ይግለጽ። ብተወሳኺ ኣብ መንጎ 2015-1019 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ልዕሊ 100 ሚልዮን ሄክታር (ልክዕ መጠን ክንዲ ኢትዮጵያ ወይ ኮሎምብያ) ዝኸውን ፍርያም መሬት ክደኪ ከም ዝከኣለ ይፍለጥ። ናይ'ዚ ቀንዲ ጠንቅታት ኮይኖም ዘለዉ ድማ ዘይቅርዑይ ሕርሻዊ ንጥፈታት፡ ምብራስ ኣግራብ ከምኡውን ፍግረ መሬት እዮም። እዚ ብቐጻሊ ዝረአ ዘሎ ምብዳም መሬት ኤርትራ ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ኣብ ሕርሻዊ እቶት ዘለዎ ሃሰያ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ወሕስነት መግቢ ሰብን እንስሳታትን ዓቢ ብደሆ ይገጥሞ።

ብመንጽር ዝባበር ዘሎ ምዕቃብ ወይ ተባሂሉ ዝግለጽ ብርሰት መሬት ወይ ምድኻይ መሬት እዩ። እዚ ምስ'ቲ መሬት ንኩሉ ህይወታዊ ኣገዳሲ ከም ምዃኑ መጠን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝባበር ለውጢ ልክዕ ከምቶም ኣብ ማያዊ ኣካላትን ኣየርን ዝስዕብ ዕንወት ክኸውን ከሎ፡ ኣብ መንጎ እዞም ሰለስተ ባእታታት ዘሎ ሓድሕድ ምትእስሳር ተወሳኺ ብደሆ ይኸውን።


ምክልኻል ምብዳም መሬት ብደረጃ ዓለም ዘሎ ጻዕሪ ሓያል እኳ እንተኾነ፡ ምስቲ እዋናዊ ኩነታትን ብመሰረት ብውድብ ሕብረት ሃገራት ፕሮግራም ኣከባቢ ኣብ መበል 7 ጸብጻቡ ዓለማዊ ኣከባብያዊ ትርኢት ኣብ ዘሰፈሮ ግና ብዙሕ ከም ዝተርፍን ብመሰረት ተወጢኖም ዘለዉ መደባት ኣብ ግምት ብምእታውን ምስቲ ኣብ 2030 ክበጻሕ ተሓሲቡ ዘሎ ምጉዳል ብኽቱት መሬት ብዙሕ ከም ዝተርፍን ይገልጽ። ክሳብ ሕጂ በቲ ተገይሩ ዘሎ መጸናዕቲ ብገለ ተበግሶ ናይ ልዕሊ 450 ሚልዮን ሄክታር መሬት ክፍወስ እንተዘይካ እቲ ዝዓበየ ሸቶ ምብዳም መሬት ናብ ዝተሓተ ደረጃ ምውራድ ዝብል ግን ንምትግባር ከቢድ ይጉብሮ።

እዚ ብደረጃ ዓለም ካብ ዘጋጥሙ ዘለዉ ኣከባብያዊ ብደሆታት ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዝስዕቡ ዋላ እኳ እንተኾኑ፡ እቲ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ኩነታት ግን ብሓባር ክፍትሑ ከም ዘለዎም የረጋግጽ። ንሓደ ካብዞም ብደሆታት ኣንተተፈቲሑ ወይ ተፋኪሱ ኑቶም ካልኦት ኣብ ምፍታሕ ውሱን ተራ ክህልዎ እኳ እንተተኻ ነብሪ ወይ ኣዝዩ ልዑል ፍታሕ ከምጽእ ግን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ንብደሆታት ኣከባቢ ንምፍዋስ ሓባራዊ ጻዕርን ትግባረን የድሊ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ድማ ግብራዊ ንክኸውን እንተኾይኑ ኩሉ ንዝበር ኣብ ምድርና ምስ ኣከባቢ ዝሰማማዕ ክኸውን ኣለዎ። ካብ 1960 ንኣብነት እንተሪኢና ጠለባት ወዲ ሰብ ብ ኣርባዕተ ዕጽፊ ከም ዝወሰኸ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት የረጋግጹ። እዚ ወዲ ሰብ ዘድልዮ ጠለባት ድማ ብቀጥታ ይኹን ብዘዘዋዋሪ ካብ ምድርና ዘሎ ተፈጥራዊ ጸጋታት ዝልገስ ከም ሙኻኑ መጠን ኣብ ምድርና ዝፍጠር ጸቅጢ እንዳሓየለ ይኪይድ ኣሎ ማለት እዩ።

ምናልባት እዚ ጠለባት ካብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ'ውን ናይ ምውሳኽ ብመንጽር ወሰኽ ህዝቢ ዓለም ዝያዳ ክለውን ይክእል እዩ። ንኣብነት ብመሰረት ዝተገብረ ቆጸራ ናይ ህዝቢ ዓለም ኣብ 2000 ዓ/ም ካብ ዝነበሮ ቁጽሪ ህዝቢ ዓለም 6.1 ቢልዮን ኣብ 2023 ናብ 8.1 ቢልዮን ወሲኩ። ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ናይ ህዝቢ ከም ዝሕብርዎ ዘለዉ ኣብ ዝመጽእ 2050 ቁጽሪ ህዝቢ ዓለምና ናብ ኣስታት 9.3-10.1 ቢልዮን ክዓቢ ተኽእሎታት ከም ዘሎ ይሕብሩ። እዚ ወሰኽ ዝበሃል ዘሎ ምስዚ ዘለውና ዝተፈላለዩ እዋናውያን ኣከባብያዊ ብደሆታት ኣብ ግምት ብምእታም ምስ'ቲ ክብ ኢሉ ተጠቒሱ ዘሎ ጠለባት ደቂ ሰባት ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዚ ሕጂ ዘለና ጸገማት ኣብ ምፍትሑ ልዑል ተራ ክህልወና ደጊሙ ዘቶኩር እዋናዊ ሕቶ ሙኻኑ ምግንዛብ የድሊ። ምኽንያቱ ቁጽሪ ህዝቢ እንዳወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ወሰኽ ኣህላኸት ብዕጽፍጻፍ ክዓብን ብኡ መጠን ካብ ተፈጥሮ ዘድሊ ባህርያዊ ነገራት ድማ ብዕጽፍጻፍ ከም ዘድሊ ይፍለጥ።

ኣብ መደምደምታ ኩሉ ወዲሰብ ዘድልዮ ነገራት ኣብ ምድርና ከም ዝምርኮስ ካብ ኮነ ነዞም ጸጋታት ድማ ብጥንቃቐን ብውሕልነትን ክንጥቀመሎም ኣለና። ምድሪ እታ እንኮ ወዲ-ሰብ ንኽነብረላ ምቹእቲ ፕላኔት ካብ ኮነት፡ ወዲ ሰብ'ውን ንስለ ህላወኡ ክብል ክከናኸናን ንህይወታውያን ምቹእቲ ኮይና ክትቅጽል ክጽዕረላን ግዜ ዘሓቶ እዋናዊ ጉዳይ እዩ።

ንጹህ ኣከባቢ፡ ጥዑይ ሕብረተሰብ፡ ውሑስ ሃገር ይፈጥር።





## መደብ ቴለቪዥን

### ሰንበት 28/06/2026

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 07:30 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 07:32 | መድብ |
| 08:00 | ዉድድር ሻምፒዮን ቅድድም ብሽክለታ (ቀጥታ) |
| 12:30 | ፊልም ሕዳጋት |
| 13:05 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ ቀጥታ |
| 13:45 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:10 | ዶክመንት |
| 18:50 | መደብ ሙዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### (ሰኑይ) ዕለት29/06/2026

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ጸብጻብ ጸወታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄል ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Senior Welding & Fabrication Trainer**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 Years)**
**Major Duties and responsibilities**

- Assist the mine maintenance training coordinator to develop and implement a competency-based Welding and fabrication training system.
- Perform general training for trainee boilermakers and supervise the development of technicians and local staff.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Prepare training packages, administer to all welding and fabrication tradesmen and trainees.
- Monitor development progress of technicians and ensuring compliance with established integrity guidelines.
- Compile data and maintain orderly training records of welders.
- Ability to work a 1st shift schedule and 2nd shift intermittently for business needs.
- Teach a variety of welding and fabrication technique courses with illustrative manuals and visualizations to technicians and trainees.
- Preparation of structured practical examinations with on-the-field training to ensure welders have practical experience of the various teaching experience.
- Provide industry level quality plate, structural steel, and pipe welding etc. instruction in accordance with various industry codes and regulations.
- Establish welding and fabrication apprenticeship or traineeship program for local staff to support local labor pool to source from for future business needs.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Diploma in Welding Technology or Mechanical Engineering<br>• Diploma in Workplace Training and Assessment in Mining |
| Working Experience – Nature & Length | • 8 years' experience in large scale open-pit mines with 5 years' experience as a boilermaker.<br>• 4 years' experience as a Welding & Fabrication Trainer.<br>• Understanding of Gas Handling procedures<br>• Gas Standards<br>• Must possess at least one industry credential from any internationally recognized welding certification body.<br>• Welding applications skills in highly mechanical environments.<br>• Competency with computers and Microsoft Office Suite<br>• Comply with all HS&E policies, procedures and instructions. This includes the correct use of safety devices and protective equipment, prompt reporting of any hazardous situations, which they cannot themselves correct, making the necessary changes to eliminate or control the hazard and report immediately any accident or injury which arises in the course of their work.<br>• Experience working in Africa |
| Technical Skills | • Strong Supervisory skills. Get things done attitude.<br>• Train and develop local staff<br>• Plan, organize and execution skills<br>• Understand Machine capabilities and productivities.<br>• Valid Driver's License |
| Behavioral Skills | • Safety leadership by example<br>• Ability to work in developing countries<br>• Ability to work under pressure with challenging targets<br>• Commitment to deliver on agreed targets - Results oriented<br>• Ability to multitask<br>• Demonstrated team building and mentoring skills<br>• Demonstrated training and people development skills<br>• Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.<br>• Good interpersonal skills with positive attitude. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period( 2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

ኣቶ ዓብደላ ኣሕመድ ዑሰማን፡ ካብ ወላዲተይ ሓሊማ ኢብራሂም መሳ፡ ብስማ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ምምሕዳር. መጠራ ዞን 05 ኣብ ብሎክ 27 ፓርሰል C ኣብ 275.00 ት/ሜ ዝተደኮነ 4 ክፍሊ 1 ሽቓቕ 1 ክሽነ ዘጠቓለለ ገዛውቲ፡ ብሀያብ ኣብ ቤት ፍርዲ ሽሪዓ ዓዲቐይሕ ብዕለት 01/03/2011 ብቑጽሪ መዝገብ 52/2011 ዝተዋህበ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክገብረሉ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ቴክኒክ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ይቕረብ፡ ዝቃወም እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ዓብደላ ኣሕመድ ዑስማን
ሕጋዊ ወኪል ኣስቴር ብርሃ ገብረመስቀል


# ኣገዳስነት ጥዕና ኣእምሮ

ሉል ተስፋይ

ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ትካላት ምምሕባር ዝብል ኣምር ኣብ ዓውዲ ስነ ሕብረተሰብ ልሙድ እዩ። እዚ ዓውዲ'ዚ፡ ማሕበራዊ ትካላት ሕብረተሰብ ዝኾኑ፡ ሰድራ ቤት፡ ቤት ትምህርቲ፡ ሃይማኖታዊ ትካላትን ካልኦት ማሕበራዊ ትካላትን፡ ኣብ ጥምረትን ዕብየትን ሕብረተሰብ ንዘጻወትዎ ዓቢ ተራ ኣብ ምጽናዕን፡ ምምርማርን ድማ የድህብ። እዞም ትካላት ተራኦም ብዘየገባእ ኣብ ዘፍጽምሉ እዋናት፡ ተረኪቡቲ ሃገር ዝኾኑ መንእሰያትን ቈልዑን፡ ካብኦም ትጽቢት ዝግበረሉ ሃናጽን ልዑልን ተራ ክጻወቱ ዓብ ከምዝተራሕወሎም ይወሰድ።

ብዞዕባ ተራ ሰድራቤት ኣብ ህላወ ብሉጽን ምዕቡልን ሕብረተሰብ፡ ብዙሕ እዋን ዝተጻሕፈሉን ዝተዛረበሉን ነጥቢ እዩ። ስነ ኣእምሮኣዊ ኣቃውማን ጥዕናን ኣባላት ሰድራ ቤት ኣብ ሰላምን ርግኣትን ሰድራ ቤታት ፡ ወሳኒ ረቛሒ ምዃኑ ብርኽት ዝበሉ ክኢላታት ስነ ሕብረተሰብ ይሰማምዑ። ስነ ኣእምሮኣዊ ብስለት፡ ምኽባር፡ ምርድዳእ፡ ሰልጡን ኣፈታትሓ ግርጭታት፡ ሰድራ ቤታዊ




ግዜ፡ ምሕብር ቅዱ ህይወት ፡ ሰድራ ቤታት ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታተን ክተግብርኦ ትጽቢት ዝግበር ነገራት እዩ።

ክኢላታት ስነ ኣእምሮ፡ ኣብ ዙርያ ስነ ኣእምሮ ኣተኩሮም ዘካየድዎ ምርምራት ኣዝዩ ብዙሕን ዓሚቝን ምዃኑ ይጥቀሱ። ኣብ ዓውዲ ስነ ኣእምሮ ስሞም ጎሊሑ ካብ ዝጥቀስ ክኢላታት ሓደ ኣውስትርያዊ ሲግሞንድ ፍሩድ (1856-1939) እዩ።

ሲግሞንድ ፍሩድ ኣብ ዙርያ ኣእምሮ ወዲ ሰብ ኣብ ዘካየዶ ዓሞቕቲ ምርምራት፡ ንንቑሕ (conscious)፡ ትሕተ ዉኖ( subconscious) ዝኣመሰሉ ክፋላት ኣእምሮ፡ ናይ ምሕሳብን ምምርማርን ዓቕሚ ወዲ ሰብ፡ ቅጅለታዊ (imagination) ክእለት ኣእምሮ ወዲ ሰብ ወዘተ ዝኣመሰሉ ሰፋሕቲ መጽናዕትታት ኣካይዱ። ሲግሞንድ ፍሩድ፡ ''ሰባት ኣብ ማሕበራዊ ህይወቶም ብሉጻት ንክኾኑ፡ እቲ ዝለዓለ ክፈልጥዎ ዘለዎም ነገራት፡ ፈቃርን ኣፍራይን ምዃን፡ ኣብ ህይወት ዝለዓለ ንቕሓት እዩ'' ክብል ይጠቅሱ።

ብድሆታት ሰድራ ቤት መምስ መድረኹ ተፈላልዩ ክረእ ዘለዎ እዩ። ዘመናዊ ሰድራ ቤት ፡ ካብ ልምዳዊ ሰድራ ቤት ዝፈልዩ ብዙሕ ብድሆታት ኣለዎ። ገለ ካብኡ ብድሆታት ከም

ፍትሕ፡ ወልቃውነት፡ ድሩት ሰድራ ቤታዊ ግዜ፡ ክብሪ መኸባበሪ፡ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ይጥቀሱ። ኣብ ዘመናዊ ሰድራ ቤት ካብ ዝረኣዩ ስነ ኣእምሮኣዊን ጥዕናውን ጸገማት ገለ ጎሊሖም ዝረኣዩ ንምጥቃስ፡ ቅዛኔት፡ ሻቕሎት፡ ግልፍተኛ(paranoia)(ሰባት ይጸልኡኒ እዮም ዝብል ስምዒታት ምውናን)፡ ትሑት ርእሰ ክብሪ፡ ትሑት ርእሰ ምትእምማን፡ ፎብያ (ሕሉፍ ፍርሒ)፡ ኢንዞምንያ (ስእነት ድቃስ) ፡ ዝንባለታት ነብሰ ቅትለት ምጥቃስ ይከኣል።

ቅዛኔት፡ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ተርእዮታት ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ኣብ ኣባላት ሰድራ ቤት ምዃኑ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት የመልክቱ። ቅዛኔት ብክኢላታት ስነ ኣእምሮ ክግለጽ ከሎ፡ '' ኣብ ኣእምሮ ሰባት ዝኸሰት ኣሉታዊ ኣተሓሳስባን ስምዒትን ዝፈጥሮ ስነ ኣእምሮኣዊ ኩነታት ኮይኑ፡ ንግዳይ ዝኾነ ሰብ፡ ተስፋ ምቝራጽ፡ ነብሰ ጽልኣት፡ ነብሰ ክሲ፡ ተነጽሎን ጽምዋን ክስምዖ ብምግባር፡ ኣብ ጥዕናዊ፡ ማሕበራዊን ወልቃውን ህይወቱ

ትርጉም ኣልቦነት ክስምዖ ዝጉብር እዩ'' ክብሉ ይጠቕሱዎ።

ደረጃታት ቅዛኔት ኣብ ሰባትን ኣባላት ሰድራ ቤትን ዝፈላለ እዩ። ገለ ኣባላት ሰድራ ቤት ትሑት፡ ገለ ምጡን፡ ገለ ድማ ልዑል ደረጃ ቅዛኔት ክስምዖም ይኽእል እዩ። ተርእዮታት ቅዛኔትን ካልእ ጸገማትን ኣብ ሕብረተሰባት፡ ምስ ቅዱ ህይወቶምን ደረጃ ቁጠባዊ ኩነታቶምን ዝፈላለ ምዃኑ ብዙሓት ክኢላታት የመልክቱ።

ዳኒኤል ጎልማን ዝተባህለ ሊቕ ስነ ኣእምሮ ኣብ መጽናዕቱ ነዚ ኩብርህ ከሎ፡ ኣብ ኣመሪካ ድሕሪ 1955 ዝተወልዱ ሰባት ካብቶም ቅድመኡ ዝተወልዱ፡ ብሰለስተ ዕጽፊ ቅዛኔት ኪጋጥሞም ተኽእሎ ከም ዘሎ የመልክት። ብዘይካ'ዚ ኣብ 1905 ዝተወልዱ ኣመሪካውያን፡ 1 ሚእታዊት ጥራይ ተኽእሎ ናይ ልዑል ቅዛኔት ከም ዘጋጠሞም ክጠቕስ ከሎ፡ ኣብ 1955 ዝተወልዱ ግን 24 ዓመት ቅድሚ ምብጽሖም፡ 6 ሚእታዊት ልዑል ቅዛኔት ከም ዘጋጠሞም ኣመልኪቱ።

ዶክተር ፍረደሪክ ጉድዊን ዝተባህለ፡ ዳይረክተር ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ናይ ዝተባህለ ኣመሪካዊ ትካል ኮይኑ ዝሰርሐ ክኢላ ስነ ኣእምሮ፡ ንተርእዮ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ኣብ ሰድራ ቤት ኣመልኪቱ ክዘረብ ከሎ፡'' ምስ ምምህማን ተራ




ሰድራ ቤት ኣብ ሕብረተሰብ፡ ምጉዳል ሰድራ ቤታዊ ምትእስሳር፡ ተርእዮ ፍትሕ፡ ቈልዑ ርእሰ መንነት ዝሃንጹሉ ማሕበራዊ ትካል ብምድኻሙ፡ ተርእዮታት ቅዛኔት ኣብ ሕብረተሰብ ዓለም ኣብ ምውሳኽ ይርከብ'' ክብል ይጠቅስ።

ብተመሳሳሊ ዶክተር ዴቪድ ኩፐፈር ፡ ክኢላ ስነ ኣእምሮ ካብ ፒትስበርግ መደካል ዩኒቨርስቲ፡'' ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ምስ ዝተራእየ ዓቢ ቁጠባዊ ዝላ፡ ወለዲ ምስ ደቆም ዘሕልፍዎ ግዜ ብምድራቱ፡ ንድሌታት ደቆም ጓኖት ክኾኑ ክኢሎም፡ እዚ ድማ ኣብ ህጻናትን ቈልዑን፡ ድኹም ኣእምሮኣዊ ምዕባለን፡ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማትን ክፈጥር ክኢሉ'' ክብል የመልክት።

ማርቲን ስሊግማን ዝተባህለ ክኢላ ስነ ኣእምሮ ኣብ ፔንሰልቨንያ ዩኒቨርስቲ ብወገኑ፡ '' ኣገዳስነት ሰድራ ቤት፡ ሃይማኖት፡ ምሕቡር ህይወት፡ ባህሊ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ሃሲሱ ብወልቃውነትን ነገራውነትን ምስ ተተክአ፡ መንእሰያትን ቈልዑን፡ መንገዲ ዓወት ዘርእዮም ኣካል ክረኽቡ ብምጽጋሞም፡ ንዘጋጥሞም ብድሆታት ክሓልፉሉ ዝኽእሉ መንገድታት ምስ ተጸንቀቐ፡ ኣደዳ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ኣብ ምዃን ይርከቡ'' ክብል የረድእ።

ካብ ኒው ዚላንድ፡ ፖርቶ ሪኮ፡ ጀርመን፡ ኢጣልያ፡ ፈረንሳ፡ ሊባኖስ፡ ካናዳ ኣብ ዝተዋጽኡ 39 ሽሕ ወለዲ ኣብ ዝተገበረ መጽናዕቲ፡ ተርእዮታት ቅዛኔትን ካልእ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማትን ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ብዕጽፊ ከም ዝወሰኸ ተጠቒሱ። እዚ ዘመልክቶ ዘመናዊ ዓለም ዝፈጠሮ ኣብ ዓውለማን ነገራውነትን መሰረት ዝገበረ ቅዱ ህይወት ንሰድራ ቤታት ናብ ዘይተደልየ ማሕበራውን ስነ ኣምሮኣውን ጸገማት ይመርሕ ከም ዘሎ እዩ።

ኣብ ባእስን ዕግርግርን ዝመልኦ ቤት ዝዐብዩ ወለዲ ዝድለ ደረጃ ንቕሓት ወይናም፡ ድሌታት ደቆም ኣብ ምምላእ ዓቕምታት ከም ዝሓጽሮም ርዱእ እዩ። ጠመተኦም ኣብ ድሌታት ደቆም ዘይኮነ ፡ ኣብ ምስ መጻመዶም ዘለዎም ህልኽን ባእስን ስለ ዝኾነ፡ ግዳይ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ዝኾኑ ቈልዑ ከዕብዩ ይግደዱ።

ህጻናት፡ መሰርሕ ምዕባለ ኣእምሮኦም ኣብ ዝቐየደሉ መባእታዊ ዓመታት ህይወቶም፡ ኣእምሮኦም ዝምዝግቦ ተመክሮታት ንመጻኢ ህይወቶም ብእወታ ይኹን ኣሉታ ዝጸልዎ እዩ። ኣብ መጻኢ ህይወቶም ዘይዕወታት ዝኾኑን ኣብ ገበናት ዝዋፈሩን ሰባት፡ ኣብ ዓመታት ንእስነቶም ዝሓለፍዎ ኣዕናዊ ተመክሮታት ከቢድ ስንብራት ዝገደፈሎም እዮም።

ማርያ ኮቫክስ ዝተባህለት ክኢላ ስነ ኣእምሮ ካብ ፒትስበርግ ክሊኒክ ኣብ ዘካየደቶ መጽናዕቲ፡ ገለ ሰባት ካብ ደቂ 8 ዓመት ኣትሒዞም ክሳብ መፋርቕ ዕስራታት ዕድመኦም ብቕዛኔት ከም ዝጥቅዑ ተመልክት። ብቕዛኔት ዝተጠቕዑ ህጻናት ኣብ ኣብያተ ትምህርትን፡ ምስ ኣዕሩኽቶምን ዘርእይዎ ባህርያት፡ ዝሕቱልን ጸቕጢ ዝመልኦን ምዃኑ ትገልጽ።

በዚ ምኽንያት ካልኦት ህጻናት ኣብ ንጡፍ ጸወታን ሰሓቕን ኣብ ዘለውሉ፡ ንሳቶም ግን ጽምዋን ምንጻልን ከምዝመርጹ ትሕብር። እዚ ዝፈጠሮ እቶም ህጻናት፡ እወታዊ ኩነት ኣእምሮ ኣብ ምህናጽ ስለ ዝሸገሩ፡ ቅዙናትን ጉሁያትን ከም ዝኾኑ ተመልክት። እዚ ተርእዮ ምስ ዘይፍወስ ድማ ፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወቶም፡ ኣካዳምያዊ ዓቕሞም፡ መጻኢ ህይወቶም ከቢድ መዘዝ የስዕብ።

ወለዲ ከምዚ ተርእዮ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ፡ ኩነታት ዉላዶም ንምምሕያሽ ድሌታቱ ክፈልጡን ካብ ዘለዎ ኣሉታዊ ስሚዒታት ክገላገል ድማ ክሰርሕሉን ከም ዝግባእ ዉን ትጠቅስ። እዚ ምስ



ዘይግበር ግን እቶም ህጻናት ናብ ከቢድ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ብምእታው፡ ክሳብ ነብሰ ቅትለት ዝበጽሕ ስጉምታት ኣብ ህይወቶም ክወስዱ ከም ዝኽእሉ ትገልጽ።

ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ንኹሉ ኣባል ሕብረተሰብ ብማዕረ ዝጸሉ ክስተት ምዃኑ ይጥቀስ። መጠኑ ዝፈላለ ደረጃታት ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ኣብ ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብ የጋጥም እዩ። ወለዲ ከም ወሰንቲ ኣባላት ሕብረተሰብ ሰድራ ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ዘለዎም ኣካላት እዮም። ስነ ኣእምሮኣዊ ኩነታቶም ህዱእ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ፡ እቲ ዝመርሕዎ ሰድራ ቤት ርጉእ ናይ ምዃን ዓቢ ተኽእሎ ኣለዎ።

ገለ ኩብድ ዝበለን ዘይተፈወሰን ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ዘለዎም ወለዲ፡ ዘርእይዎ ባህሪ ምስ ኩነተ ኣእምሮኦም ቀጥታዊ ምትሕሓዝ ኣለዎ። ዘርእይዎ ዘይቅቡልን ዘይብሱልን ባህሪ ኣብ ደቆም ከውርዶ ዝኽእል ስምብራት ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ክኢላታት ስነ ሕብረተሰብን ፡ ክኢላታት ስነ ኣእምሮን ኣብ ምፍታሕ ማሕበራዉን ስነ ኣእምሮኣዉን ጸገማት ሰድራ-ቤታት ዝህልዎም ተራ ዓቢ ብምዃኑ፡ ወለዲ ምስዞም ክኢላታት ብምዝታይ ማሕበራዉን ስነ ኣእምሮኣዉን ጸገማቶም ክፈትሑ ዓቢ ተኽእሎ



ኣሎ።

ሰድራ - ቤት፡ ብሉጽን ርጉእን ንክኸዉን ዘድልዩ ብርክት ዝበሉ ነገራዊ ጠለባት ኣለዉ። ገለ ንምጥቃስ መጽለሊ፡ ማይ፡ መግቢ፡ ልብሲ፡ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ ዕድላት ሸቕለት ይርከብዎም። እዞም ነገራት በይኖም ግን ኣብ ምውሓስ ብሉጽን ርጉእን ሰድራ ቤት እኹላት ኣይኮኑን። ባህሊ፡ ክብርታት፡ ሃይማኖት፡ ልምድታት ኣገደስቲ መወከሲታትን መምርሒታትን ዕለታዊ ህይወት ሰድራ- ቤታት እዮም።

ህዱእ፡ ርጉእ፡ ብሱል፡ ራኢ ዘለዎ፡ መንታዊ፡ ርትዓዊ ፡ ወድዓዊ ፡ ፈጠራዊ ሓሳብ ዘፈልፍል ኣእምሮ ዝወሃ ወላዲ፡ ኣብ ምፍራይ ብቑዓት ቈልዑ ዝህልዎ ኣበርክቶ ልዑል እዩ። ነዚ ኣብ ምግባር ስነ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ርግኣትን ወለዲ ምሕላው ኣገዳስነቱ ዕዙዝ እዩ። ስለዚ ወለዲ ኣብ ዙርያ ህንጸት ብቑዕ ኣእምሮ ንቕሓቶም ንምዕባይ፡ ቀጻሊ ጽሑፋት ብምንባብ፡ ኣስተምህሮታት ብምክትታልን ምኽሪ ክኢላታት ብምስማዕን፡ ርጉእን ብሉጽን ኩነተ ኣእምሮ ዘለዎ ሰድራ ቤት ኣብ ምፍጣር፡ ወትሩ ክጽዕቱ ኣገዳስነቱ ይጽንሓለይ ዘይብሃሎ ነገር እዩ።

